# ባይቶ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ማዕቀብ ክገብር ኢዩ

- ዲፕሎማሰኛታት፡ ኣብ ዝመጽእ ሰሙን ማዕቀብ ክጸድቕ'ዩ
- ካብቶም 15 ኣባላት ባይቶ ጸጥታ ሊብያ ጥራሕ'ያ ትቃወም ዘላ

ብልዊስ ሻራቦን
ረቡዕ 16 ታሕሳስ 2009

ትርጉም፡-ክፍሊ ዜናን ባህልን ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ

ኣባላት ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት፡ ኣብ'ዚ ወርሒ'ዚ፡ ብሰንክ'ቲ ኤርትራ ንተቓወምቲ ሓይልታት ሶማል ትገብሮ ዘላ ደገፋት፡ ኣብ ልዕሊ ስርዓት ኤርትራ ናይ ኣጽዋር እገዳ ክግበር፣ ከምኡ ውን፡ ሰበስልጣን መንግስትን ወተሃደራውያን ሓለፍትን ኤርትራ፡ ከይገሹን ገነቦምን ንብረቶምን ከየንቀሳቕሱን ክኽልክልዎም ተሰማሚዖም ኣለዉ ኢሉ ሓደ ዲፕሎማት።

ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካን፡ ካልኦት ኣባላት ባይቶ ጸጥታን፡ ኤርትራ ነቲ ብሕቡራት ሃገራት ተፈላጥነት ዝረኸበ መሰጋገሪ መንግስቲ ሶማል ንምግልባጥ፡ ንእስላማውያን ተቓውምቲ ሓይልታት ሶማል ገንዘብን ኣጽዋርን ተቀባብል ኣላ ዝብል ክሲ ኣለዎም።

ናይ'ዘን ሃገራት እዚኣተን ዲፕሎማሰኛታት፡ መብዛሕቶም ኣባላት ባይቶ ጸጥታ፡ ነቲ ብኡጋንዳ ዝቐረበ ንኤርትራ ዝቕጽዕ ንድፊ ውሳኔ ተሰማሚዖም ከምዘለዉን፣ ኣብ ዝመጽእ ሰሙን ድማ፡ ከጽድቕዎ ምኽኖምን ክገልጹ ይስምዑ ኣለዉ። ሮይተርስ ዝተባህለ ማዕከን ዜና፡ ነቲ ንድፊ ኣብ ዝሓለፈ ረቡዕ ከምዝተቐበሎ'ዩ ሓቢሩ ኣሎ።

ኣብ ልዕሊ'ቲ እገዳ፡ እቲ ውሳኔ "ኤርትራ ንኸሎም ዕጡቓት ሓይልታት፡ እንተላይ ነቶም ንመንግስቲ ፕረሲደንት ሸኽ ሸሪፍ ኣሕመድን ንምግልባን ዝዋግኡ ዘለዉ ሓይልታት ኣልሸባብ፡ ኣጻዋር ምሃብ ደው ከተብል ዝጽውዕ ኢዩ።

እዚ ስሙ ክገልጽ ዘይደለየ ዲፕሎማት፡ ሊብያ ኣንጻር'ቲ ውሳኔ ስለዝኾነት 100% ድምጺ ክርከብ'ዩ ዝብል ትጽቢት ከምዘየለ'ዩ ዝገልጽ። ግን፡ ሊብያ መታን ክትድግፎ ነቲ ውሳኔ ደጊሞም ክርእይዎ ድልዋት ኢዮም ይብል።

መብዛሕትኦን ሃገራት ኣፍሪቃ ንእገዳ ዝድግፋ ኰይነን ስለዝተረኽባ፡ እተን ብሓፈሽኡ፡ እገዳ ዘይድግፋ ዝነበራ ሩስያን ቻይናን ከይተረፋ ኢየን ነቲ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝተወሰደ ውሳኔ ደጊፈን ክብል እቲ ዲፕሎማት ገሊጹ።

"ሓያል፡ ግን ከኣ ሚዛናዊ ዝኾነ ናይ ማዕቀብ ውሳኔ ኣብ ልዕሊ ኤርትራን ኣብ ልዕሊ'ቶም ንተቓወምቲ ሓይልታት ሶማል ዝድግፉ ውልቀሰባትን ኣሎና። ብዝመስለኒ 14 ድምጺ ክንረክብ ኢና" ይብል ሓደ ዲፕሎማት።

ናይ ሊብያ ተቓውሞ፡
ሃገራት ምዕራብ ዝኾና ኣባላት ባይቶ ጸጥታ፡ ብዛዕባ'ዚ ጉዳይ'ዚ ዝግበር ልዝብ ክሳብ ዝመጽእ ዘሎ ዓመት ክቕጽል'ዩ ዝብል ግምት ነይርዎም። እንተኾነ ግን፡ ዘይተጸበናዮን ዘይልሙድን መርገጽ ናይ ቻይናን ሩስያን ግን ብቕልጡፍ ናብ ስምምዕ ክንበጽሕ ሓጊዙና ይብሉ እቶም ዲፕሎማሰኛታት።

ሊብያ፡ ኣቦ መንበር ናይ'ቲ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ማዕቀብ ክግበር ዝድግፍ ሕብረት ኣፍሪቃ ክነሳ፡ ኣንጻር'ቲ ውሳኔ ደው ምባላ ግን ኣገሪሙና።

እዚ ሕጂ ተመሓላሊፉ ዘሎ ውሳኔ፡ ካብ'ቲ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ንውሳኔ ቀሪቡ ዝነበረ ንድፊ ሓሳብ ብዙሕ ዝተፈልየ ኣይኮነን። ናብ ኤርትራ ዝኣቱ ኣጽዋርን ምስኡ ዝዛመድ ነገራትን ዝኽልክል ኢዩ። ከምኡ ውን፡ ሕቡራት ሃገራት፡ ካብ ኤርትራ ዝወጽእ ወይ ናብ ኤርትራ ዝኣቱ ጽዕነት ክፍትሽን ዘይፍቁድ ንብረት እንተደኣ ረኺቡ ድማ ክወርሶን ስልጣን ተዋሂብዎ ኣሎ።

እቲ ውሳኔ ድሕሪ ምጽዳቑ፡ እቲ ናይ ሶማልያ ማዕቀብ ኮሚቴ ኣብ ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት፡ ኣየኖት ውልቀሰባትን ኣየብቦት ትካላትን ከይገሹን ክድስኩሉን ዝውስነሎም ከነጽር ኢዩ።

ሰራዊት ኢትዮጵያ ብ2006 ናብ ሞቓድሾ ድሕሪ ምእታዉ፡ ካብ ሶማልያ ሃዲሞም ኣብ ኤርትራ ዝተዓቖቡ ተቓወምቲ ኣለዉ። ባይቶ ጸጥታ፡ ሕብረት ኣፍሪቃን ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካን፡ ኤርትራ፡ ንርግኣት ናይ ሶማል ከይትዝርግ ብተደጋጋሚ ከጠንቅቑ ጸኒሖም ኢዮም። ኤርትራ ግን፡ ንሸባብ ከምዘይትድፍን እቲ ኣብ ልዕሊኣ ክንበር ተሓሲቡ ዘሎ ማዕቀብ ዘይፍትሓዊ ምዃኑን'ያ ክትገልጽ ጸኒሓ።

ሓደ ነቲ ብ1992 ኣብ ልዕሊ ሶማል ዝተገብረ ናይ ኣጽዋር ማዕቀብ ዝከታተል ኮሚቴ ሕቡራት ሃገራት፡ ኣስመራ፡ ነቶም ተቓወምቲ ሓይልታት ሶማል ብነፈርትን ብመራኽብን ኣጽዋርን ስንቅን ተቀባብል ዝብል ክሲ ኣቕሪቡ ምንባሩ ዝፍለጥ ኢዩ።

ሶማላውያን ብዕግርግር ካብ ዝሕመሱ ዳርጋ 20 ዓመት ኰይኑ ኣሎ። እዚ፡ ዲክታቶር ዚያድ ባረ ብ1991 ካብ ስልጣኑ ድሕሪ ምዕላው፡ ምእኩል መንግስቲ ንምቛም ዝግበር ዘሎ ናይ መወዳእታ ፈተነ'ዚ ውን፡ ካብ'ቶም ቅድሚኡ ዝተገብሩ 14 ፈተነታት ዝፍለ ምዃኑ ዘርኢ ምልክት የለን።